Bayerisches Staatsministerium der Justiz

ናይ ባየር ክፍለ ሃገር ናይ ፍትሒ ሚኒስተር



# ናይ ጀርመን ሲቭላዊ ሕጊ መሰረታዊ መትከላት

## ናይ ውዕልን ተግባርን ናጽነት

ዝኾነ ሰብ ( ዝኾነ ውልቀሰብ ዕድሚኡ 18 ዓመት ዝኾነ ) ብዛዕባ ዝደለዮ ጉዳይ ምስ ዝደለዮ ሰብ ውዕል ክገበር ይኽእል እዩ ። ውዕል ብዝምልከት ናይ ብዓል ቤት ወይ ብዓልቲ ቤት ስምምዕ በመሰረቱ ኣድላይ ኣይኮነን።



## ናይ ውዕል ቅርጽን መፈጸምታን

ውዕል ዝግበር ዝዋዓዓሉ ሰባት ብዛዕባ ናይቲ ውዕል መሰረታዊ ትሕዝቶ ክሰማምዑ እንከለውን እቲ ውዕል በብወገኖም ኽቕበልዎ እንከለውን እዩ (ኣቕርቦትን ምቕባልን)።በመሰረቱ ሓደ ውዕል ብዝኾነ ቅርጺ ክግበር ይካኣል እዩ።

## ውዕል ብዝምልከት ዘሎ መሰልን ግዴታን

ውዕል ምስተፈጸመ ፣ ተዋዓዓሊ ብዝኣተዎ ቃል መሰረት ነቲ ምስኡ ዝተዋዓዓለ ኣገልግሎት ክቕርብ ኣለዎ። ውዕል ምስተፈጸመ ፣ (ሓደ ግዜ ዝፍጸምን ወይ ድማ እቲ ውዕል ስጋዕ ዝውዳእ ዝፍጸም ኣገልግሎት ፣ ንኣብነት ናይ ክራይ ውዕል)። ሓደ ወገን በቲ ውዕል መሰረት ግዴታቱ እንተይፈጸመ፣ ብሲቭላዊ ሕጊ መሰረት ክብድ ዝበለ ስጉምቲ ክውሰደሉ ይኽእል እዩ። (ንኣብነት መጠንቀቕታ ፣ ኣብ ናይ ሲቭላዊ ቤት- ፍርዲ ክሲ ምምስራት፣ ብሕጊ ኣገዲዱ ዘኽፍል ኩባንያ ምውካል) ወይ ድማ ናይ ወንጀል መቕጻዕቲ (ንኣብነት ምትላል ብዝምልከት ምልክታ ምቕራብ) ።

## ስለዚ ዘዋጽእ፣

. ቅድሚ ውዕል ምግባር ነቲ ውዕል ብትኽክል ምጽራይ
. ቀልጢፍካ ውዕል ዘይምግባር
. እንድሕር ዘይተረደኣካ ዘይምፍራም

## ናይ ሕጊ ሓገዝ

ሲቭላዊ ሕጊ ብዝምልከት'ውን ባዕልኻ ዘይሕጋዊ ስጉምቲ ምውሳድ ክልኩል እዩ። ሓደ ውዕል ዝገበረ ሰብ መሰሉ ንምኽባር ካብ ናይ መንግስቲ ቤት ፍርድታት ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ ።

